# BBC LEARNING ENGLISH

## How do I…

### How do I talk about likes and dislikes?

BBC LEARNING ENGLISH
ኢንግሊዝኛ ምምሃር

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፣ እንቋዕ ናብ መደብ How do I… ብድሓን መጻእኩም። ኣነ ተኸልማርያም በኪት ኢየ፡ ምሳና'ውን ሳም ኣሎ።

**Sam**
Hello, everybody. Welcome!

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብዚ መደብ'ዚ ንእንፈትዎምን እንጸልኦምን ነገራት ንምግላጽ ዝሕግዙና ዝተፈላለዩ መግለጺታት ክንርኢ ኢና። ብዛዕባ ቡን ዝዛረቡ ሰባት ብምስማዕ ድማ መደብና ክንጅምሮ ኢና።

*I like coffee.*

*I love coffee.*

*I don't mind coffee.*

*I really hate coffee!*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ተረዲእኩም'ዶ? እወ፣ እቲ ናይ መወዳእታ ሰብ፡ ብዛዕባ ቡን ሓያል ስምዒታት ነይርዎ! ስለዚ፣ ሳም ፍትወታትናን ጽልኣትናን ንምግላጽ ዝተጠቕምናሉ ኣገላልጻ'ዶ ክንርኢ?

**Sam**
Yes, let's do it!

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ'ዞም ኩሎም ምሉኣት ሓሳባት፣ ሰባት ብዛዕባ 'coffee' ማለት ብዛዕባ (ስም) ይዛረቡ ነይሮም። እቲ ናይ መጀመርያ ተዛራቢ ብዛዕባ ቡን ክዛረብ እንከሎ እንታይ ቃል ተጠቒሙ? ደጊምና ንስማዕ።

*I like coffee.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ዝተጠቐምናሉ ግሲ 'like' ምፍታው ማለት ኢዩ። ስምዒትኩም ኣንጻር ናይ 'like' እንተኾይኑ፡ ነዚ 'don't' ዝብል ቃል ክትጥቀሙ የድሊ። ከምዚ ዝስዕብ ድማ ይኸውን, 'I don't like coffee'.


© British Broadcasting Corporation 2018

**Sam**
Now, let's quickly practise the pronunciation together! Repeat after me:
'I like coffee.'
'I don't like coffee.'

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ! እዚ ዝቐጽል ተዛራቢ ዝተፈልየ ግሲ'ዩ ተጠቒሙ። ነየናይ ግሲ ከምዝተጠቕመ ሓቢርና ንከታተል፥

*I love coffee.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
'Love' እዚ ካብ 'like' ዝሓየለ ስምዒት ኣለዎ ማለት ድዩ?

**Sam**
Yes, it is! Let's practise the pronunciation together. Repeat after me:
'I love coffee.'

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ ዝቐጽል! ንኻልእ ተዛራቢ ንስማዓዮ፤ እቲ ስዒቡ ዝመጽእ ሓረግ እንታይ ምኧኑ ከኣ ንከታተል።

*I don't mind coffee.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም፣ እዚ እምበኣር 'don't mind' 'ኣይትገደሰሉ' ዝተጠቕመ ሰብ ኮይኑ፣ ስምዒታቶም ግን ናብ  እወንታ ወይ  ኣሉታ ዝዛዘወ ኣይኮነን - መንጎ መንጎ ኢዩ። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ማለት ካብ 'like' ፍልይ ዝበለ ኢዩ፣ ኩሉ ግዜ ከኣ 'don't' ንጥቀም።

**Sam**
And let's practise the pronunciation together. Repeat after me:
'I don't mind coffee.'

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
And, we have one more. እቲ ናይ መጠረሽታ ሰብ ብዛዕባ ቡን እንታይ በለ፧

*I really hate coffee!*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ንሳቶም 'really hate' ብሓቂ ይጸልእ ኢሎም። 'hate' ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም፣ 'really' እንተተጠቒምኩም ግን ነቲ ስምዒታት ሓይሊ ትህብዎ። ከምኡ እውን 'really' ብቕድሚ 'like'ን 'love'ን ብምጥቃም  ስምዒታትና  እወንታዊ ይኸውን፣ 'don't like' ብምጥቃም ድማ ኣሉታ ክንገብሮ ንኽእል።

**Sam**
Yes, so you can say 'I really like coffee' or 'I really love coffee'. The way you say 'really' is important here, so let's practise together. Repeat after me:
'really'
'I really hate coffee!'


© British Broadcasting Corporation 2018

‘I really love coffee!’

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
Thanks, Sam. ሕጂ ፍትወታትኩምን ጽልእታትኩምን እትገልጹሉም መገድታት ተማሂርኩም፤ ዝተረፈ ግዜ እምበኣር ተለማመድሉ።
ብዛዕባ ‘chocolate’ ቸኮላታ እወንታዊ ስምዒት ከምዘለኩም ሕሰቡ። ኣዚዩ እወንታዊ ስለዝኾነ፣ ‘really’ ተጠቐሙ። ድሕሪኡ ንከተወዳድሩ ናይ ሳም መልሲ ክትሰምዑ ኢኹም።

**Sam**
I really love chocolate.

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
Did you say the same? ከምዚ ዝስዕብ እውን ምበልኩም, ‘I really like chocolate’ እንተኾነ ግና ብዙሕ ኣይገልጽን።
ሕጂ ስምዒታትኩም ኣንጻር ‘like’ ኮይኑ ክሳብ ‘hate’ ግና ኣይበጽሕን ኢዩ ንበል። ከቢድ ከም ‘hate’ ክኸውን የብሉን።
ብዛዕባ ‘chocolate’ ስምዒታትኩም ከመይ ከምዝኸዉን ንገሩና። ድሓር መልስኹም ምስ ናይ ሳም ኣወዳድርዎ። ድሒርኩም ንምውዳዳር ዝኣክል ናይ ሳም መልሲ ክትሰምዑ ኢኹም።

**Sam**
I don’t like chocolate.

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
Did you say the same?

**Sam**
Well done! Now you know how to talk about things you ‘love’, ‘like’, ‘don’t mind’, ‘don’t like’ and ‘hate’, find a friend and tell them about the foods you like and don’t like!

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቅ ሓሳብ። ብተመሳሳሊ ኣብ መደብ How do I… የራኽበና።


© British Broadcasting Corporation 2018